ምምሕዳር ከተማ ሸራሮ ኣብ ጣብያ ኣልጋነሽ : ጣብያ ሙሴ : ጣቢያ ሰድርን ዝበሃላ ጣቢያታት መስመር ፅሩይ ዝስተ ማይ ክዝርግሕ ስለዝደለየ ነዚ ግልጋሎት ዝዉዕሉ ዝተፈላለየ ኣቅሑት ባንቦ ናይ ገባሪ ሰናይ በጀት ናይ ስደተኛታት ተፅዕኖ ምላሽ ፕሮጀከት ክልተ ወይ እዉን DRDIP 2 በጀት ዝዕደግ ብከባቢያዊ ግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ጉንበት 22, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 30, 2016 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:30000
- ቦታ:ሸራሮ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 30, 2016 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮንስትራክሽን ማሽነሪን ኣቁሑትን/ ቱቦታትን ኣክሰሰሪታትን/ ቅፋሮ ማይ ኢንጂነሪንግ ማሺነሪ, ኣቁሑትን ኣክሰሰሪ/

1 መለዋወጢ ኣቅሑት ቡንባ ማይ ወይ እዉን ሳኒተርን ሳኒተሪ ኣክሰሰሪ መፍረይ ዉፅኢት መሳርሒ ህንፃን ፕላስቲክን ናይ 2016 ዓም ዝተሐደሰ ፍቃድ ንግዲ ዘለዎምን ብቅዳሕ መረዳኣታ ከቅረቡ ዝክእሉን

2 መለለይ ቁፅሪ ከፋላይነት ግብሪ ማለት እዉን ቲን ናምበር ብቅዳሕ ከቅረቡ ዝክእሉ

3 ናይ በጀት ዓመት 2016 ዓም ዝተሐደሰ ናይ መቅረባይነት ወረቀት ምስክር ቅዳሕ ዘቕርቡ

4 ተመዝገብቲ ተወሳኪ እሴት ታክስ ማለት እዉን ቫት ዝኮኑን መረዳእታ ብቅዳሕ መልክዕ ከቅርቡ ዝክእሉ

5 ከምእዉን ናይ ወርሒ ታሐሳስ 2016 ዓም ተወሳኪ እሴት ታክስ ሒሳብ ዝገበርሉ መረዳእታ ከቅርቡ ዝክእሉ

6 ኩሎም መረዳእታት ንፁርነት በዘለዎም መልክዕ ክቀረቡ ይግባእ መፀዋዕታ ጨረታ ፈሊካ ምትራፍ ኣይፍቀድን

7 ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ቅዳሐ ብምግባር ዋናን ቅዳሕን ተባሂሉ ነኒበይኑ ተፈልዩ አብ ክልተ ፖስታ ተዓሺጉ ዋናን ቅዳሕን ኣብ ዝል ኣብ ዝባን ፖስታ ተፃሒፆ ኣብ ሐደ ዓብይ ፖስታ ተጠሚሩ ብምዕሻግ ኣብ ነብስ ወከፍ ፖስታ ማሕተም ሸምን ኣድራሻን ብምግባር ናብ ብሸም በቢ ጣቢያት ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ሸራሮ ተእትዉ ትክእሉ

8 ተጫረቲ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ መከበሪ ጨረታ ዉሕስና በቢጣብዩ ብናይ ኢትዩጰያ ቅርሺ 30000 / ሰላሳ ሽሕ ቅርሺ/ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብስፒኦ ብነብሰ ወከፈ ጣቢያ ማሕበር ሰብ ኮሜቴ ዕደጋ ማለት ብሸም ኣብ ከተማ ሸራሮ ዝርከባ ጣቢያታት አልጋነሽ ሙሴ ሰድር ክትሕዙ ዝክእሉ

9 ትሕጃኩም ብስፒኦ ተዝከዉን ይምረፅ

10 ክፍሊት ዝፍፀም ብናይ ኢትዩጰያ ቅርሺ ኮይኑ እቲ ዝድለ ንብረት ሙሉእ ብሙሉእ ብናይ ባዕሎም መጎዓዝያ ናብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ሸራሮ ብዝሰዓረዎ ድሕሪ ምእታዉ ኩሎም ናይ ክፍሊት ዘድልዩ ሰነዳት እንተማልኡ ዝፍጸም ይከዉን

11 ተጫረቲ ኣብ ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ጥራሕ ዝወዳደሩ ኮይኖም ዝመልእዎ ዋጋ ንፁርነት ክህልዎ ይግባእ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ስርዝ ድልዝ እንተጋጥም ብንፁር ተስተካኪሉ ሽም ፊርማን ኣብ ጉኑ ክዓርፎ ይግባእ

13 ተጫረቲ ዋጋ እንትመልእ ናይ ሐደ ዋጋን ጠቅላላ ዋጋን አፈላለይ ክህልዉ የብሉን አፋላላይ እንትህሉ ናይ ሐደ ዋጋ ጥራሕ ተቀባለነት ይህልዎ

14 ተጫረቲ ዝርዝር ሰነድ ጨረታ ካብ 15/9/2016 ዓም ክሳብ 30/9/2016 ዓም መዕፀዊ ሰዓት እስካብ ዝኣክል ኣብ ዘሎ ግዘ ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ሸራሮ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን እናመፁ ዘይምለስ 100 ቅርሺ ንነብስወከፈ ሰነድ ብምክፋል ሰነድጨረታ ምዉሳድ ይክእሉ

15 እቲ ጨረታ 30/9/2016 ዓም ልክዕ ሰዓት 4:00 ቅድሚ ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4:30 ተወዳደረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከበሉ ኣብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ሸራሮ ይክፈት

16 ሰዓራይ ወይ መቅረባይ ዝፍለ ድሕሪ ግምጋም ጨረታ ኮይኑ ንምድብ ወይድማ ድምር ዝተሐተተ ዋጋ ካብ ዝመልአ መቅረባይ ኮይኑ ተወዳድርቲ ንነብድወከፍ ንብረት ናይ ምምላእ ግቡእ ዘለወም ኮይኑ ሐደ ዓይነት ንብረት ከይተመሉአ እንተርፍ ግና ካብ ዉድድር ወፃኢ ይከዉን

17 ተወዳደርቲ ሽም ትካልን ኣድራሻ ከምእዉን ፊረማ ክገብሩ አለዎም

18 ተጫራታይ ሰዓራይ ተባሂሉ ፋይናንሻል ዉፅኢት ብስሩ ካብ ዝተለጠፈሉ ዕለት ድሕሪ ን 5 ተካታተልቲ ናይ ቅሬታ መዓልቲ ኣብ ዉሽጢ 3 መዓልቲ ዉዕሊ ክአስር ዝክእልን ዉዕሊ ካብ ዝአሰሮ ዕለት ኣብ ዉሽጢ 15 ተከታተልቲ መዓልቲታት ንብረት ኣታዊ ዝገብር

19 ካብ ጠቅላላ ዝሰዓሮ ንብረት 10 ሚእታዊ መከበሪ ዉዕሊ ስፒኦ ወይ ጥረ ገንዘብ ክትሕዝ ዝክእል ብሸም ነብሰወከፈ ጣቢያታት ማለተ ብሸም ጣብያ አልጋለሽ : ጣብያ ሙሲ :ጣበያ ሰደር ብዝሳዓሮ መሰረት ኣስሪሑ ከትሕዝ ዝክእል ሕዝዉን ትሕጁ ብስፒኦ ተዝከዉን ይምረፅ

20 ዝሰዓረ ተወዳዳሪይ ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያ መፅዓንን መራገፍን ሐዊሱ ናብ ከተማ ሸራሮ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ኣብ ዉሽጢ 15 መዓልቲ አታዊ ዝገብር ከከዉን አለዎ አታዊ እንተዘይ ገይሩ ብምምርሒ ዕደጋ 05/2005 መሰረት ዝቅፃዕ ምኮኑ ክፈልጥ አለዎ

21 ድሕሪ ምክፋት ጨረታ ዋጋ ፂኑዑ ዝፀንሐሉ ግዘ እንተናአሰ 45 መዓልቲ ይከዉን

22 በአሰራርሐ እቲ ፕሮጀክት ነብሰወከፍ ጣበያ ምምሕዳር 15 ሚእታዊ ናይ ምዉሳክ ወይ ናይ ምንካይ መሰል ፍቁድ እዩ

23 እቲ ማሕበረሰብ ዕደጋ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ ብቁፅሪ ስልኪ 0914259231 / 0912995394

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle